ዜና_070712

**አብ ሊብያ አብ ዝተፈላለዩ ቤት ማእሰርትታት ተዳጕኖም ንዘለዉ ኤርትራውያን እሱራት ናብ ኤርትራ ናይ ምጥራዝ ስግኣታት ይበዝሕ ኣሎ።**

ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጹና ሓበሬታተት ይሕብሩ ኸምዘለዉ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሊብያ ንዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ምስ መንግስቲ ሊብያ ብምስምማዕ ንኤርትራ ኺመልሶም ይተናኸል ኣሎ።እዚ ጉዳይ እዚ ኣብ መንጎ እቶም ከባቢ 700 ዝኾኑ ኣብ ሊብያ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሰብኣውነቶም ተገፊፉ ዝግፍዑ ዘለዉ ኤርትራውያን ከቢድ ፍርሕን ሻቕሎትን ፈጢሩ'ሎ። ናብ ኤርትራ እንተተመሊሶም ድማ ዝጽበዮም ኣስካሕካሒ ማእሰርትን ሞትን ከምዝኾነ እቶም ምንጭታት ብስግኣት ይገልጹ'ለዉ፡፡

ምስዚ ብዝተኣሳሰር ዜና እተን ኣብ ዝሓለፈ ብወተህደራት ሊብያ ካብ በረኻታት ሰሃራ ብሓይሊ ተተመንጢለን ዝተወስዳ ኤርትራውያን መንእሰያት ደቀንስትዮ ክሳብ ሕጂ ሃለዋተን የብልናን።

**የማነ ገብረመስቀል "ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ዝተወስደ ስጉምቲ የለን" ይብል**

ዳይረክተር ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኤርትራ የማነ ገብረመስቀል ምስ ኢጣልያዊ ጸሓፊ ሰቴፋኖ ፐቲኒ ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ሃይማኖታት ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ኣይተወስደን ኸምዝበለ ሻዕብያ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ይገልጽ።

ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ዘሎ ናይ ኣልማማ ምእሳር ተሓቲቱ ኸምልስ ከሎ፡"ኣብ ዝሓለፈ 7 8 ዓመታት ንኣሽቱ ሃይማኖታውያን ውድባት ተቐልቂለን'የን፡ንሰን ተጠቀምቲ ናይ ወጻኢ ሓገዛት ኸምዝነበራን፡ንመጸዋዕታ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኸምዝተሓሰማን፡ኣብተን ንነዊሕ ዝጸንሐ ዓበይቲ ሃይማኖታት ፍልልያት ኸምዘእተዋን እቲ ግፋታት ድማ ዘይሕጋዊ ኣኼባታት ብምግባረን'ዩ" ኽብል ሓቢሩ።

እነተኾነ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመደበሩ ርሊዝ ኤርትራ ዝተባህለ ንመሰል ሃይማኖታት ኣብ ኤርትራ ዝጣበቕ ውድብ፡ እቲ የማነ ገብረመስቀል ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝንቡዕን፡ዓይኒ ዘውጽእ ሓሶትን ከምዝኾነን፡እተን ኣብ 2002 ዝተዓጽዋ ማሕበራት፡ንኣብነት  ፈይዝ ሚሽን፡ቃል ህይወት፡ ሙሉ ወንጌልን ካልኦትን፡ ከምቲ ኣቶ የማነ ዝበሎ  ኣብ ሓጺር ዓመታት ዝተቐልቀላ ንኣሽቱ ማሕበራት ዘይኮናስ ካብ 50 ክሳብ 100 ዓመት ከምዝጸንሓ ኣቃሊዑ።

እቲ ተጣባቒ ውድብ ንሃገራዊ መጸዋዕታ ኣመልኪቱ ኸምዝብሎ፡ ኣባላት ናይዘን ሃገራዊ ኣገልግሎት ይቃወማ እየን ዝተባህላ ማሕበራት፡ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ኩሉ መጸዋዕታት ከምዝተሳተፉን፡፡ካብዚ ሓሊፉ'ውን ኣመንቲ ናይዘን ማሕበራት ብምኽንያት እምነቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ መዓስከራትን ክፍልታትን ግፍዕታት ከምዝወረዶም ዳይረክተር "ሪሊዝ ኤርትራ" ዶክተር ብርሃነ ኣስመላሽ ብተወሳኺ ኣቃሊዑ።

ብዘይካ'ዚ "ቦስ ኒውስ ላይፍ ኒውስ ሰንተር" ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ፡ 2000 ዝኾኑ ኣመንቲ ኣብ ኮንተይነራትን ወተሃደራዊ መዓስከራትን ተዳጕኖም ኸምዘለዉ የሳጥሕ።

__*መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ "ብሪቲሽ ኣከውንስል ላይብረሪ" ማሕለኻታት ይፈጥር*__

*መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስ መደብ ምትእትታው 'ብሳተላይት ዝተሓገዘ ናይ ኢንተርነት ርክባት' ዝተታሓሓዘ፡ ንግዝያዊ ሓላፊ ብሪቲሽ ካውንስል ኣብ ኣሰመራ ብምእሳር፡ ንሓደ እንግሊዛዊ ዲፕሎማስኛ ድማ ካብ ኤርትራ ክይወጽእ ከምዝኣገዶ ጋርድያን ኣንሊሚትድ ዝተባህለ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ጋዜጣ ይሕብር።*

እቲ መንግስቲ ኤርትራ ዝወሰዶ ስጉምቲ፡ ኣብ ኣስመራ ዝመደበሩ 'ብሪቲሽ ካውንስል' ምስ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ተመሳሰልቲ ትካላት ብ'ሳተላይት ዝተሓገዘ ናይ ኢንተርነት ርክባት' ንምርኻብ ምስ ዘለዎ ምዕባለኣዊ ፕሮግርም ከምዝተኣሳሰር እቲ ሓበሬታ ይእምት።

ሰበ ስልጣን ኤርትራ፡ ዝኾነ ናይ ውሽጥን ናይ ወጻእን ትካላት ኣብ ኤርትራ ብሳተላይት ዝሕገዙ ናይ ኢንተርነት ርክባት ነኽታኣታትዋ ፍቓደኛ ከምዘይኮነን፡ ዝኾነት ትካል ኢንተርነት ንምጥቃም ኣብ ክንዲ ብሳተላይት፡ኣብ ቊጽጽር መንግስቲ ብዝኣተዋ ወሃብቲ ኣገልግሎት ክጥቀማ እዩ ዝጠልብ ይብል እቲ ዜና።

"ብሪቲሽ ካውንስል"ን "ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳይ እንግሊዝን"ን ንማእሰርቲ ናይቲ ኤርትራዊን ናይ ኣብ ልዕሊ እቲ እንግሊዛዊ ዜጋ ዝተወስደ ናይ ጉዕዞ እገዳ'ኳ እንተረጋገጹ ኣስማቶም ካብ ምግላጽ ግና ተቘጢቦም ኣለዉ።

ቅድሚ ዓሰርተ መዓልታት፡ ምስቲ "ብሳተላይት ተጠቀምካ ናይ ምስራሕ" ዝብል መደብ ተሳታፊ ዝነበረ ሓደ ካልእ ሰራሕተኛ ናይ ብሪቲሽ ከውንስል ላይብረሪ ተኣሲሩ ኸምዝተፈትሐን ነዊሕ ከይጸንሐ ኣብ ክንድኡ እቲ ኣብ መዝነት ዝነበረ ዜጋ ከምዝተዳጎነ እቲ ዜና ይሕብር።

ሚኒስተር ሚኒስትሪ ዜና ዓሊ ዓብዱ ና፡ብዛዕባ እዚ ጉዳይ መብርሂ ንኽህብ ኣብ ዝተገብረ ፈተነ ኽርከብ ኣይተኻእለን።

<u>MDN ኤም.ዲ.ኤን ዝተባህለ ኣብ ካናዳ ዝመደበሩ ናይ ዕደና ትካል ካብ ኤርትራ ከምዝወጽእ ኣፍሊጡ’ሎ።</u>

ኣብ ሞንትሪያል፣ ካናዳ ዝመደበሩ MDN ዝተባህለ ትካል ዕደና ማዕድን ንጥፈታቱ ኣቋሪጹ ኣኢቦ ዝሓጸረ ግዜ ካብ ኤርትራ ጠቕሊሉ ከምዝወጽእ ማርኬት ዋየር (marketwire.com) ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ጋዜጣዊ መግለጺኡ ገሊጹ። MDN ነዚ ናይ ምውጻእ ውሳኔ ዝወሰዶ፡ ነቲ ካብ ታሕሳስ 2003 ኣትሒዙ ኣብ ሃይኮታ ናይ ምዕዳን ፍቃድ ንኽወሃቦ ኽምዝጸንሐን፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ፍቓድ ኽምዝነጸጎን ድህሪ ምርግጋጽ ኽምዝኾነ እቲ መርበብ ብተወሳኺ ይሕብር።

ሕጂ፡ ኤምዲኤን ሙሉእ ኣቓልብኡ ናብቲ ኣብ ታንዛንያን ሰሜናዊ ኹቤክ (ካናዳን) ዘሎ ንጥፈታቱ ከተኩር ምኳኑ ገሊጹ’ሎ ይብል እቲ ዜና።